
ሓዘን/ቃዘኖት

ኩሉ ሰብ ሓሓሊፉ ክሓዝንን ክቓዝንን ይኽእል እዩ። ዘገርም ኣይኮነን። ግን ንሱ ይሓልፍ እንደገና ኸኣ ጽቡቕ ክስምዓካ ይጅምር። ሓደ ዝሓዘነ (ደፕሪሜራድ ዝኾነ) ሰብ ንነዊሕ እዋን ይቓዝንን ይጕህን ተመሊሱ ሕጉስ ንኸኸውን ድማ ሓገዝ የድልዮ። ሓደ ዝሓዘነ ሰብ ምናልባት ንኽሰርሕ ዓቕሚ ይስእን ይኸውን። ብዙሕ ድቃስ የድልዮ ከምኡ'ውን ልሙድ ነገራት ንምግባር ዓቕሚ ይስእን፣ ንኣብነት ኣብ ደገ ምዝዋር ወይ መግቢ ምስራሕ።

ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ዝሓለፈ ሂወትካ ኣሸጋሪ ኩነት ኣጋጢሙካ እንተ ነይሩ ክትሓዝን ትኽእል ኢኻ። ሓደ ሓደ እዋን ዝኾነ ፍሉይ ነገር ከየጋጠመን ብርግጽ ንምንታይ ናይ ቃዝኖት ስሚዒት ይስምዓካ ከም ዘሎ ከይፈለጥካን ክትሓዝን ትኽእል ኢኻ። ሓደ ሓደ ሰባት እዚ ሓዘን ክመላለሶም ይኽእል እዩ።

## ንስኻን ወላዲኻን እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ?

እቲ ሓዚኑ ዘሎ ሰብ ምእንቲ ክሓዊ ዝተፈላለየ ሓገዛት ክረክብ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ኩሎም ስድራ ኣብ ዝሳተፍሉ ናይ መድሃኒትን ዘተን ሓገዝ ክረክብ ይኽእል። መድሃኒት ወይ ዘተ እንተ ዘይሓጊዙ ናይ ኤለክትሪካዊ ሕክምና ክረክብ ይኽእል። እዚ ኣገባብ'ዚ ንቑሩብ ካልኢታት ናይ ኤለክትሪክ ዋሕዚ ኣብ ሓንጎልና ከም ዝሓልፍ ይግበር። እዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ሕክምና ይትግበር። እቲ ዝሕከም ሰብ ድማ ምእንቲ ቃንዛ ከይገብረሉ መደቀሲ መድሃኒት ይወስድ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ሕክምና ንንውሕ ዝበለ ግዜ ምጽናሕ ከድሊ ከሎ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓተት እቲ ሕኽምና ምግባርካ ንገዛኻ ምኻድ ይፍቀደካ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ኣብ ሓደ እዋን ንገለ መዓልታት ኣብ ሰሙን እዚ ናይ ኤለክትሪክ ሕክምና ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ንስኻ ከም ቈልዓ መጠን ወላዲኻ ምእንቲ ክሓዊ ክትገብሮ ትኽእል ነገር የብልካን፡ ነዚ ሓደ ክኢላ እዩ ዘድልዮ። ወላዲኻ ምሕማሙ ናትካ ጌጋ እውን ኣይኮነን። ወላዲኻ እንታይ ይግበረሉ ከም ዘሎን ኣየናይ ሓገዝ ይወሃቦ ከም ዘሎን ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለካ። ኣብዚ ሆስፒታል ንዝሰርሕ ሰብ ንኣብነት ናይ ወላዲኻ ሓኪም ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ጽቡቕ ዘየለ ወላዲ ክህልወካ ብጣዕሚ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንስኻ እውን እንተ ደሊኻ ሓገዝ ክወሃበካ መሰል ኣለካ። እዚ ንኣብነት ምስ ገለ ሰብ ብዛዕባ ዝሓመመ ወላዲ ምህላው ንዓኻ ከመይ ከም ዝስምዓካ ምዝራብ፡ ወይ ኣብ ከም ናትካ ኩነታት ዝርከቡ ካልኦት ሰባት ምርካብ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተ ደሊኻ ምስ ናይ ወላዲኻ ሓኪም ወይ ካልእ ኣብዚ ሆስፒታል ዝሰርሕ ሰብ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።


በይንኻ ኣይኮንካን
ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኻ ነዞም
መራኸቢ ክትርእዮም ትኽእል ኢኻ።
maskrosbarn.org • bris.se • kuling.nu
hjarnkoll.se • 1177.se – våga berätta • umo.se
ናብዚ ደዊልካ ምስ ገለ ሰብ ክትዛረብ ወይ ምስ ካልኦት ከም ናትካ ኩነታት
ዘሕለፉ ሰባት ኣብ ናይ ሓባር ዝርርብ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ።
ኩሙሉስ ኣብ ኒይሾፒንግ
0155–24 81 01
ሰኑይ፣ ረቡዕ፣ ሓሙስ፣ ዓርቢ ሰዓት 9-10 ወይ ሰሉስ ሰዓት 13-14



# ሓዝን/ቃዝኖት

LANDSTINGET
SÖRMLAND

www.landstingetsormland.se